


Tigrinya

## ሓበሬታ ኣንጻር ፍርሒ :

# ናይ ዱብሊን ጥርዝያ ብኸመይ ንምክቶ?

እዚ ሓበሬታ ዝተሓደሰሉ ዕለት :
ነሓሰ 2017

ኣብ ጉዕዞኻ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ዝሓለፍካየን ሃገራት ናይ ኣጻብዕቲ ኣሻራኻ ምስእትህብ፡ ንኣብነት ኣብ ጣልያን፡ ቡልጋርያ፡ ሃንጋሪ ወይ ድማ ኣብ ግሪክ፡ ድሕሪኡ ኣብ ካልእ ሃገር ናይ ዑቕባ ሕቶ ምስኣቕረብካ ናብታ ኣሻራ ዝወሰደትልካ ሃገር ክትጥረዝ ትኽእል ኢኻ። ብተመሳሳሊ ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮጳዊ ማሕበር ሃገር ዑቕባ ሓቲታካ ውን ብምኽንያት ናይ ምንጻግ ነቲ ሃገር ገዲፍካ ናብ ካልእ ምስትሰግር ውን ተመሳሳሊ ዕጫ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ምኽንያት ናይዚ ድማ እቲ ብ ናይ ዱብሊን ሬጉሌሽን (Dublin-Verordnung) ዝፍለጥ ሕጊ እዩ። ብናይ ዱብሊን ጥርዝያ ሕጊ ክትጥረዝ ተወሲኑልካ ማለት ናይ ግድን ክትጥረዝ ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ብዙሓት ሰባት ኣለዉ ነዚ ናይ ጥርዝያ ውሳነ ሰጊሮም ናይ ዑቕባ ጠለቦም ኣብ ጀርመን ንክረኣይ ዝበቕዑ። እቶም ክሳብ ሕጂ ካብ ጀርመን ብምኽንያት ናይ ኣሻራ ዝተጠርዙ ትሕቲ 10% ጥራይ እዮም። እቲ ቐጻማይ ደረጃ ክግበር ዝግብኦ፡ ንመሰል ናይ ምጽናይ (ኣብ ጀርመን ምንባር) ምውዳብ እዩ።

ገለገለ ቤትፍርድታት ንጥርዝያ ናብ ገለ ሃገራት (ንኣብነት ናብ ጣልያን፡ ሃንጋሪ፡ ቡልጋርያን ማልታን) ደው ኣቢሎሞ እዮም። ገለገለ ቤትፍርድታት ውን ኣብ ገለገለ ኣጋጣሚታት ንናይ ዱብሊን ጥርዝያ ደው ኣቢሎሞ እዮም፡ ንኣብነት ኣብ ኩነታት ናይ ስድራቤታት ምስ ቖልዑት ወይ ድማ ኣብ ናይ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ወይ ስንባደ (traumatisierte) ዘለዎም ሰባት። ስለዚ ኣብ ዝኾነ ሃገር ኣሻራኻ ተወሲዱ ምስዝህሉ፡ ናይዚ ጉዳይ ክኢላ ጠበቓ ወይ ድማ ነይዚ ጉዳይ ግቡእ ኣፍልጦ ዘለወን ምኽሪ ዝልግሳ ማሕበራት ክትደሊ ኣለካ።
ኣብ ካልእ ሃገር ኣሻራ ሂብካ እሞ መንግስቲ ክጥረዘካ ምስዝደሊ ውን፡ ነቲ ጥርዝያ ደው ንምባል ኣማራጺታት ኣሎ። ናይ ሕጋዊ ፈተነታት ምስዝፈሸል ውን እቲ ጥርዝያ ብካልእ ኣማራጺታት ደው ክብል ይኽእል እዩ።

ኣገዳሲ፡ ኣብ መንጎ እቲ መጀመርያ ኢድካ ክትህብ ከለኻ ዝውሰደልካ ኣሻራን እቲ ዳሕራይ ጠለብ ናይ ዑቕባ ከተቕርብ ከለኻ ትህቦ ኣሻራን ፍልልይ ኣሎ። ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገር ሕቶ ናይ ዑቕባኦም ዝተነጸገ ሰባት ኣብዚ ዑቕባ ክሓቱ ከለዉ ብዙሕ ጸገማት እዩ ዘጓንፎም። ስለዚ ንናይ ዑቕባ ሕቶኦም ኣብዚ ፍሉይ ድጋፍ የድልዮም። ብተወሳኺ ውን ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገር ዑቕባ ወይ ናይ ምጽናሕ መሰል (Status) ዝተዋህበ ሰባት (ንኣብነት ኣብ ጣልያን) ሰባት ካልእ ኩነታት የጓጥሞም። ንሱ ድማ ጉዳዮም ኣብ ናይ ዱብሊን ኣይኮነን ዝሽፈን፡ እንታይ ደኣ ብመሰረት ካልእ ምኽንያት ናብታ ናይ ምጽናሕ መሰል ዝሃበቶም ሃገር ከምዝጥረዙ ይግበር። እዚ ዝቕጽል ሓበሬታ እምብኣር ነቶም ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገር ወረቐት ዘይብሎም ሰባት ይምልከት።

## ናይ ዱብሊን ሕጊ ብኸመይ ይሰርሕ?

ብመሰረቱ ናይ ኣጻብዕቲ ኣሻራ ብመንግስቲ መጀመርያ ኣብ ምዝገባ ይውሰድ። እቲ ዕላማ ድማ ምስ ናይ Eurodac፡ ማለት ናይ ኤውሮጳ ዳታቤዝ ንምንጽጻር ይውሰድ። ኣብዚ ዳታቤዝ ካብ ኩለን ሃገራት ኤውሮጳን ካልኦትን ዝውሰድ ኣሻራ ይዕቐብ። መጀመርያ ኣብ ምዝገባ ብዛዕባ ዝሓለፍካየኦ መንገዲ ትሕተት፡ ማለት ናብዚ ክትመጽእ ከለኻ ዝሓለፍካየን ሃገራት። ካብዚ ሓበሬታ ብምብጋስ ድማ ጀርመን ድያ ወይስ ካልእ ሃገር ናይ ዑቕባኻ ሕቶ ሓላፍነት ትወስድ ይውሰን። ኣብ ካልእ ሃገር ተታሒዝካ ከምዝነበርካ ወይ ድማ ኣሻራ ከምዘለካ ምስዝፍለጥ ድማ እታ ሃገር ክትወስደኻ ትሕተት። እዚ ሕቶ ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ግዜ በታ ዝተሓተተት ሃገር ምስዘይንጸግ ድማ ሓደ ናይ ጥርዝያ ዝገልጽ ብጫ ደብዳቤ ትቕበል።

እቲ ጽቡቕ ድማ፡ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ኣሻራ ዘለዎም ሰባት ኣይጥረዙን እዮም። ካብ ተመኩሮና መሰረት እቶም ዝጥረዙ ሰባት ውሑዳት እዮም። እቲ ኣሻራ ካብ Eurodac ኣይድምሰስን እዩ። ኮይኑ ግን እቲ ጥርዝያ ኣብ ውሱን ግዜ እዩ ክፍጸም ዘለዎ። ንእብነት ናብ ቡልጋርያ፡ ጣልያን ወይ ሃንጋሪ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክፍጸም ኣለዎ።

ኣገዳሲ፡ እቲ 6 ወርሒ ካብ ናብቲ ሃገር ዝኣተኻሉ ኣይኮነን ዝጅምር። ካብታ ጉዳይካ (ፋይልካ) ናብ ናይ ጀርመን ናይ ስደተኛታት ቤትጽሕፈት BAMF ዝኣተወሉ ዕለት እዩ ዝጅምር። እቲ ጥርዝያ ብ ናይ ህጹጽ ጠለብ ናይ ቤትፍርዲ ምስ ዝክልከል እቲ ናይ ግዜ ገደብ ክቐያየር ይኽእል እዩ። ኣብዚ ኣጋጣሚ እቲ ናይ ህጹጽ ጠለብ ኣሉታዊ ውሳነ ምስዝረክብ እቲ ናይ 6 ወርሒ ገደብ ካብ ቕድሚት ይጅምር።

ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚ ድማ እቲ ልክዕ ግዜ ንምርዳእቲ ናይ 6 ወርሒ ገደብ ወይ ድማ እቲ ገደብ ምዓስ ከምዝሓለፈ ንምርዳእቲ ናይ 6 ወርሒ ገደብ ሓገዝ የድልየካ።

ተጠንቀቕ፡ ተሓቢእካ እንተኔርካ ወይ ድማ መንግስቲ ተሓቢእካ ኔርካ ኢሉ እንተኣሚኑ እቲ ናይ ግዜ ገደብ ናብ 18 ኣዋርሕ ክናዋሕ ይኽእል እዩ።

## ዕድመይ ትሕቲ 18 እዩ፡ ኣብዚ ድማ በይነይ እየ ዝነብር፡ ኣብ ናይ ምጥራዝ ሓደጋ ኣለኹ ድየ?

ናይ ዱብሊን ሕጊ ንኣሰናዪ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ (ትሕቲ 18 ዕድሚኦም) ኣይምልከትን እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ሓያሎ ናይ ዑቕባ ሕቶታት ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። ክሳብ ኣብ ዝኾነ ሃገር ወረቐት ዘይብሎም ድማ ከምድላዮም ናብ ዝደለይዋ ሃገር (ዝደለይዋ ሃገር ሓላፍነት ናይ ዑቕባኦም ክትወስድ) ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጀርመን ከም ትሕቲ ዕድመ እንተተገሚቶም፡ ዋላ ኣብታ ዝኣተውዋ ሃገር ብጌጋ ከም ልዕሊ ዕድመ እንተተመዝገቡ፡ ካብ ጀርመን ናብታ ሃገር ኣይክጥረዙን እዮም። እዚ ግን ኣብ ኩሉ ሃገራት ኣይኮነን፡ ንኣብነት ኣብ ሆላንድ ዕድመኻ በታ ኣብ ናይ መጀመርያ ኢንተርቪው ዝሃብካያ መሰረት እዮም ዝወስድዎ፡ ኣብ ኣየናይ ሃገር ሂብካያ ብዘየገድስ። እዚ ማለት ንኣብነት፡ ኣብ ቡልጋሪያ ከም ልዕሊ ዕድመ እንተተመዝጊብካ ድሕሪኡ ኣብ ሆላንድ ከም ልዕሊ ዕድመ እዮም ዝምዝግቡኻ። ስለዚ ናይ ዑቕባ ጠለብካ ኣብቲ ዝምልከቶ ኣካል ናይ መንግስቲ ቕድሚ 18 ምእታውካ ብጥንቃቐ ከተቕርቦ ኣለካ።መንግስቲ ከም ትሕቲ ዕድመ እንተዘይተቐበለካ ወይ ድማ ከም ትሕቲ ዕድመ እንተዘይተመዝገብካ ናይ ጥርዝያ ሓደጋ ክጓንፈካ ይኽእል እዩ።

## ኣብ ሪስክ ናብ ናይ ዱብሊን ሃገር ናይ ምጥራዝ እንተለኹ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ብምኽንያት ናይ ዱብሊን ሕጊ ምጥራዝ ብኸመይ ክትዓግቶ ከምእትኽእል ኣብዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ ሓበሬታ ይርከብ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ይከኣል እዩ፡ ብዙሓት ተስፋ ዝህቡ ምኽንያታት ውን ስለዘለዉ ርግጸኛ ክትከውን ኣለካ።

እንታይ ክትገብር ኣለካ፡

### 1. ናትካ ጋንታ - Team ህነጽ!

ከም ዝኾነ ካልእ ቓልሲ፡ ንናይ ጥርዝያ ሓደጋ ንምዕጋት ኣብ ግድንኻ ጋንታ - ቲም የድልየካ። ክኢላታት፡ ብዛዕባ ናይ ዱብሊን ጥርዝያን ብኸመይ ከምዝዕገትን ኣፍልጦ ዘለዎም ሰባት ኣብ ጋንታኻ የድልዩኻ። መብዛሕትኡ ጠበቓ ከምኡ ውን ንፋዕ ሓኪም ወይ ድማ ናይ ስነ ኣእምሮ ክኢላ የድልየካ። ቕድሚ ኩሉ ድማ ዝድግፉኻ ኣብ ግዜ ሻቕሎት ድማ መደቐሲ ቦታ ዝህቡኻ ብጾት የድልዩኻ።

### 2. ታሪኽካ ብዛዕባ ኣብቲ ዝሓለፍካዮ ሃገራት (ክትጥረዘሉ እትኽእል ሃገር) ከም ጣልያን፡ ሃንጋሪ ወይ ቡልጋርያ ዘሕለፍካዮ ሂወት ሰንዶ

ኣብቲ ክትጥረዘሉ ትኽእል ሃገር ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ናይ ናብራ ወይ ድማ ናይ መሰል ምግሃስ ንምስናድ፡ ፎቶ ወይ ድማ ካልእ መረጋገጺ ዝኸውን ሰነዳት ኣክብ። ዝኾነ ካብ ሓኪም ወይ ድማ ካብ ናይ ወለንታዊ ማሕበራት NGOs ዝተረከብካዮ ቕዳሕ ናይ ወረቓቕቲ ድማ ዓቕቦ። ዝኾነ ናይ ኦንላይን ኣካውንትኻ ከም ፌስቡክ ወይ ድማ ኢሜይል መሳሊ ውን መታን ኣብ ቐጻሊ ክትጥቐመሉ ዓቕቦ። ብዝከኣል መጠን ኩሉ ኣብ ሃገርካ ወይ ኤውሮጳ ዘጋጠመካ ሽግራት መዝግቦ። ዝኾነ ንዓኻ ከም ቐሊል ወይ ትርጉም ዘይብሉ ዝመስለካ ግን ዘሰንብድ ተመክሮ ክህልወካ ይኽእል እዩ። እዚ ግን ዳሕራይ ን ጠበቓኻ ኣብ ቤትፍረዲ ክከራኸረሉ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ክትሰንዶ ኣለካ። መታን ከይትርስዖ ድማ ብቕልጡፍ ጊዜ ከይወሰድካ ክትምዝግቦ ኣለካ። ገለ ሰባት ንኣብነት ኣሸማት ናይ ተኣሲሮሙሉ ዝነበሩ ቤት ማሕቡስ ወይ ድማ ዕለት ናይ ዝተኣስሩሉ ይርስዑ እዮም። ናይ ግድን ክትምዝግቦም ዘለካ ውልቓዊ ተመኩሮታት፡ ኣብ ዶብ ናይ ምምላስ እንተጋጢሙካ፡ ብ ፖሊስ ወይ ድማ ሚሊታሪ ምስ እትህረም ወይ ትፈራራህ፡ ምስ እትእሰር፡ ጎደና ሓደር ምስ እትነብር ወይ ድማ ብዘይ መግቢ ንነዊሕ እዋን ምስትጸንሕ፡ ምስ እትዕመጽ ወይ ድማ ኣብቲ ሃገር ንቐጻሊ ክትነብር ዘየኽእል ካልእ ሽግራት ምስዘጋጥመካ።



### 3. ንናይ ሓገዝ ግሩፓት ተወከስ፥ ድሕሪ ኣብዚ ምእታውካ ድማ ብቐጥታ ምኽሪ ፈትሽ!

ናይ ኣጻብዕቲ ኣሻራ ኣብ ንኣብነት ኣብ ጣልያን፥ ሃንጋሪ፥ ክሮኤሽያ ወይ ድማ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገር ሂብካ ምስኣትኸውን፥ ብቕልጡፍ ዝሕግዙ ግሩፓት ክትውከስ ኣለካ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ውን ጠበቓ ከድልየካ እዩ። ዝሕግዙ ግሩፓት ድማ መታን እቲ ናይ ዱብሊን ጥርዝያ ደው ንምባል ምስ ንፉዓትን ምኩራትን ጠበቓታት ከራኽቡኻ ይኽእሉ እዮም። ገለ ኣገዳሲ ክትውከሶም ዝክብኣካ ኣካላት ድማ ኣብዚ ክትረክብ ትኽእል፥ http://w2eu.info/germany.en/articles/germany-contacts.en.html.

ወይ ድማ በዚ ኢሜይል proasyl@proasyl.de ተወከስ። ኣብ ከባቢኻ ብኸመይ ምኽሪ ከምትረክብ ድማ ክሕብሩኻ  እዮም።

### 4. ንመሰልካ ኣብ ቕድሚ ሕጊ ዝቓለሰልካ ጠበቓ ሓዝ

ኣብዚ መስርሕ ንፉዕ ጠበቓ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ጠበቓ ግን ብዛዕባ ናይ ዱብሊን ጉዳያት ጽቡቕ ተመኩሮ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ጀርመን ጠበቓታት ገንዘብ ይኽፈሉ እዮም። ውሑድ ገንዘብ ምስዝህልወካ ግን ነቲ ጠበቓ ወርሓዊ ካብቲ እትቕበሎ ናይ ሶሺያል ሓገዝ ክትከፍሎ ይከኣል እዩ። እዚ ድማ ኣገዳሲ ወፍሪ እዩ ክበሃል ይከኣል። እታ ናይ ጥርዝያ ትብል ደብዳቤ ምስእትቕበል ብቕጽበት ሓገዝ ካብ ጠበቓ ክትደሊ ኣለካ! እቲ ጠበቓ ካብዛ ናይ ደብዳቤ ሰዓት ናይ 1 ሰሙን ዕድል ኣለዎ ናብ ቤትፍርዲ ክይዱ ክቓለስ ወይ ድማ ይግባይ ክብል። ስለዚ ቕድሚ እቲ ደብዳቤ ኣቐዲምካ ጠበቓ ሒዝካ ምስእትጸንሕ ጽቡቕ ተዳሊኻ ኣለኻ ማለት እዩ። ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ሰዓት ክትጽበ የብልካን! ብዙሓት ፈረድቲ ኩነታት ናይ ስደተኛታት ኣብ ጣልያን፥ ሃንጋሪ፥ ቡልጋርያን ማልታን ስለዝፈልጥዎ፥ እቲ ናይ ዱብሊን ምጥራዝ ዕድል ብቤትፍርዲ ክዕገት ዓቢ ዕድል ኣሎ። ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለየ ቤትፍርድታት ግን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ዝምቸኣካ ቤትፍርዲ ባዕልኻ ክትደሊ ድማ ኣይትኽእልን ኢኻ። ከም ናይ ሎተሪ ዕጫ ማለት እዩ። ብዛዕባ ሕጋዊ ስጉምትታት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተመልከት።

### 5. ናይ ጥዕና ወይ ድማ ናይ ኣእምሮ ጸገም ምስዝህልወካ ሓደ ክኢላ ሓኪም ወይ ድማ ናይ ስነኣእምሮ ሓኪም ፈትሽ!

ጥርዝያ ንምዕጋት ዝኾነ ፍሉይ ናይ ጥዕና ጸገማት ክትስንዶን ምዓስን እንታይ ጸገም ከምዘጓነፈካን ከተቕርብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብቲ እትጥረዘሉ ሃገር ብሰንኪ ናይዚ ጥዕና ጸገም ክትምለስ ከምዘይትኽእል ከተረጋግጽ ኣለካ። ተነቐፍቲ ግሩፓት፥ ንኣብነት ትሕቲ 2 ዓመት ዕድመ ዘለዎም ቖልዑ ዘለዎም ስድራቤታት፥ ሕሙማት፥ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ሰባት ወይ ድማ በይነን ደቐን ዘዕብያ ኣዴታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣይጥረዙን እዮም። ስለዚ ጸገማትካ ክትስንዶ ኣለካ። ምኽንያቱ ጠበቓታት ንመርትዖ ዝኾኖም ማለት ፍሉይ ጸገም ከምዘለካ ዘረጋግጹ ሰነዳት ይደልዩ እዮም። ስለዚ ቐልጢፍካ ወረቓቕቲ ካብ ሓኪም፥ ናይ ኣእምሮ ሓኪም ወይ ድማ ካብ ሰራሕተኛ ናይ ሶሽያል ክትእክብ ክትጅምር ኣለካ።

### 6. ናይ ስድራቤት ዝምድና ኣቐዲምካ ኣብ ኢንተርቪው ግለጽ

ኣብ ጀርመን ስድራቤት ምስዝህልወካ ንጠበቓኻን ንዝምልከቶ ኣካል መንግስቲን ስለምንታይ ሓገዝ ናይ ስድራቤትካ ኣገዳሲ ሙኻኑ ወይ ድማ ንስኻ ንስድራቤትካ ሓጋዚ ሙኻንካ ክትገልጽ ፈትን። እዚ ኣብ ቤተሰብ ምጽጋዕ ኣብቲ ናይ ቤትፍርዲ መስርሕ ሓጋዚ ነጥቢ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ንሓንቲ ነብሳ ባዕላ ክትኣሊ ዘይትኽእል ዓባይ ኣደ ከምትኣሊ፥ ወይ ድማ ንትሕቲ ዕድመ ኣላዩ ዘይብሉ ዘመድ ከምትኣሊ ግለጽ። ኩሉ ዓይነት ናይ ስድራቤት ዝምድና ክትገልጽ ፈትን። መንግስቲ ንምኽንያት ናይ ስድራቤት ዝምድና ብ ናይ ዱብሊን ከይትጥረዝ ክውስነልካ ይኽእል እዩ።

### 7. ቤትፍርዲ ኣሉታዊ ውሳነ እንተሂቡ ውን እቲ ጥርዝያ ብካልእ መገድታት ክዕገት ይኽእል እዩ

ብዙሓት ሰባት ኣለዉ ኣሉታዊ ውሳነ ብዛዕባ ናይ ዱብሊን ጥርዝያ ተዋሂቦም ክንሶም ግን ነቲ ጥርዝያ ደው ዘበልዎ። እቲ ምጥራዝ ኣብ ውሱን ግዜ ማለት ድሕሪ እታ ትቕበል ሃገር ሓላፍነት ወሲደ ምባላ ወይ ድማ ድሕሪ እቲ ኣሉታዊ ውሳነ ክፍጸም ኣለዎ። እቲ ግዜ ድማ 6 ኣዋርሕ እዩ፥ ማለት መንግስቲ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክጥርዘካ ኣለዎ። እቲ 6 ወርሒ እንተሓሊፉ ግን ጀርመን ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ሓላፍነት ትወስደሉ። ብዙሓት ሰባት ኣለዉ ድማ ብኸምዚ ናይ ግዜ ምሕላፍ ዘይተጠረዙ።

ሀ) ነቲ ጥርዝያ ብምቕዋም ግዜ ብላዕ፥ መንግስቲ ድማ ጉዕዞ ቡክ ክገብሩ ግዜ ክሓልፎም እዩ። ብዛዕባ እዚ እኩብ ተቓውሞ ጽቡቕ ኣብነታት ኣሎ፥

- ኣብ ኦዝናብሩክ ኣማኢት ስደተኛታት ኣብ ሓደ ካምፕ ተወዲቦም ሓደ ፊስካ ናይ ፖሊስ ከም ናይ ተቓውሞ መሳርሒ መረጹ። ናይ ለይቲ እብረ ብምግባር ድማ ንምምጻእ ናይ ፖሊስ ተኸታቲሎም ፊስካ ነፍሑ እሞ፥ ኩላ ካምፕ ድማ ወጸት። ድሕሪኡ እቶም ፖሊስ ድንግርግር ኢልዎም ነቲ ክጥርዝዎ ዝደለዩ ሰብ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን። ጥራሕ ኢዶም ድማ ተመልሱ።
- ኣብ ካልእ ካምፕ ውን ከምዚ ዓይነት ናይ ሓባር ውዳበ ምግባር ንፖሊስ ጥራይ ኢዶም መሊሶሞም።
- ብዙሕ ጎነጻዊ ኣይኮነን ግን ብተመሳሳሊ ውጽኢታዊ፥ ብዙሓት ሰባት ፖሊስ ክጥርዝዎም ኣብ ዝመጹሉ ካብ ካምፕ ወጽዮም ይጸንሑ። ኣገዳሲ ኣብዚኣ ተሓቢእካ ማለት ኣይኮነን። ብጾትካ ናብ ካምፕኻ ብምኻድ ፖስታኻ ክቖጻጸሩልካ፥ ሓበሬታ ክእክቡልካ (ማለት ከም ጥፉእ መታን በቲ ካምፕ ከይትምዝገብ) ኣለዎም። ኣብቲ ካምፕ ውን ዝተሓባበሩ ብጾት ክህልዉኻ ኣለዎም፥ ማለት ፖሊስ ክጥርዙኻ ምስዝመጹ ንስኻ ድማ ኣብቲ ካምፕ ምስዘይትህሉ፥ እቶም ብጾትካ ብፖሊስ ምስ ተሓተቱ፥ ንስኻ ንሓጺር ግዜ ካብቲ ካምፕ ወጺኻ ከምዘለኻ እንበር ቕድሚ ቕሩብ ኣብቲ ካምፕ ከምነበርካ ክነግሩልካ ኣለዎም።

ለ) ካልኦት ሰባት ኣምድ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ዑቕባ ይጸንሑ። ገለ ቤተክርስትያናት ንክጥረዙ ዝተባህሉ ስደተኛታት ይከላኸሉን የዕቑቡን።ከምኡ ዓይነት ቤተክርስትያን ንምርካብ ድማ ን ሰባት ሕተት። ኣብዚ እዋን ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ናይ ቤተክርስትያን ዑቕባ ስለዝሓቱ ቦታ ንምርካብ ቐሊል ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት  ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ ኢልካ ኣቐዲምካ ክትዳለወሉ ይግብኣካ። ክሳብ ዝሰልጠካ ድማ ካልእ ዓይነት ናይ ተቓውሞ ክትመርጽ ኣለካ።

ሐ) ካልእ ድማ ከም ሕማም ናይ ኣካል ወይ ድማ ናይ ኣእምሮ፥ ማለት ብሰንኪ እቲ ሕማም ክትገይሽ ከምዘይትኽእል (ማለት ንነብስኻ ወይ ድማ ንካልኦት ሓደጋ ክትከውን ስለትኽእል)። እዚ ማለት ንስኻ ኣብ ሓደ ሕክምና ክትህሉ ኣለካ ወይ ድማ ካብ ሓኪም ወይ ናይ ስነ ኣእምሮ ሓኪም ክትገይሽ ከምዘይትኽእል መረጋገጺ ክህልወካ ኣለዎ።

መ) ሓላፍነት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብ ጀርመን ክረአ ይኽእል እዩ ንዕኡ ዝድግፍ ሓደ ፖሊቲካዊ ውሳኔ እንተተወሲዱ። ኣብዚ ድማ ሓደ ብቑዕ ናይ ዝድግፉኻ ብጾት ኔትዎርክ ይድልየካ።

ኣገዳሲ፥ ኣብ ጀርመን ብሰንኪ ናይ ብዝሒ ቑጽሪ ናይ ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ መላእ ሲስተም ዕግርግር ኣሎ። ብሰንኪ እቲ በዚ ዕግርግር ዝብገስ ምዱንጋያት ድማ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ናይዚ ዱብሊን ገደብ ግዜ ይሓልፍ እዩ። ስለዚ እቲ ምጥራዝ ክፍጸም ኣይክእልን እዩ። ግዜ ክኸይድ ከሎ ንዓኻ ጠቓሚ እዩ። ግን፥ ጠበቓኻ ነቲ ገደብ ግዜ ተኸታቲሉ ኣረጋጊጹ ኣብ ጉዳይካ ክነጥፍ ወይ ድማ ክጓየ ኣለዎ።

**ጽቡቕ ዕድልን ብዙሕ ሓይሊን ን መጻኢኻ ንምነየልካ!**

## ብሓገዝ ናይ ጠበቓ ኣንጻር ጥርዝያ ክግበር ዝኽእሉ ሕጋዊ ስጉምትታት

ክትጥረዝ ምስዘይትደሊ ንቡንደስኣምት መስርሕ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብ ጀርመን ክስራሕ ከተእምኖም ኣለካ። እዚ ምግባር ግን ከቢድ እዩ።

ኣብ መብዛሕትኡ ኣጋጣሚታት፥ ናብ ሓደ ናይ ምምሕዳር ቤትፍርዲ ብሚኻድ ናይ ህጹጽ ዶማንዳ ብዛዕባ ናይ ምዕጋት ናይ ምጥራዝ ተእቱ። እዚ ድማ ንቡንደስኣምት ጉዳይካ ኣብ ጀርማን ንክርእዮ ዘገድድ ማለት እዩ። ቕድሚ ምጥራዝካ ብዛዕባ ክትጥረዝ ሙኻንካ ዝሕብር ሓበሬታ ክትቕበል ኢኻ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ዓቢ ብጫ ፖስታ እዩ። ኣብ ውሽጢ 2 ሰሙን ድሕሪ ምቕባል ናይዛ ፖስታ ድማ ናብ ኣብ ቦታኻ ዝርከብ ናይ ምምሕዳር ቤትፍርዲ ኬድካ ኣንጻር ናይቲ ናይ ምጥራዝ ውሳነ ይግባይ ተእቱ (እታ ዕለት ናይታ ፖስታ ዝተቐበልካላ ኣብታ ሰታሪት ናይታ ብጫ ፖስታ ኣላ፥ ኣስተብህል፥ እታ ትሕሰብ ኣገዳሲት ዕለት ኣብታ ፖስታ ዘላ እያ እንበር እታ ዕለት ንስኻ ነታ ፖስታ ዝተቐበልካላ ኣይኮነትን። ስለዚ ናይ ፖስታ ሳጹንካ መዓልታዊ ክትከታተሎ ኣለካ!)። እቲ ጸገም ግን እቲ ይግባይካ ናይ ደው ምባል ሓይሊ (aufschiebende Wirkung) ወይ ድማ ጽልዋ የብሉን። እቲ ይግባይካ ውሳነ ከይረኸበ ከሎ ኣብ ሞንጎ ክትጥረዝ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ሓደ ናይ ህጹጽ ዶማንዳ ንደው ምባል (aufschiebende Wirkung) ከተእቱ ኣለካ።

ኣስተብህል፥ እቲ ናይ aufschiebende Wirkung ዶማንዳኻ ብቤትፍርዲ ምስዝንጸግ፥ ናይ 6 ወርሒ ናይ ምስግጋር ገደብ ከምብሓድሽ ካብታ ዝተነጸገትላ ዕለት ይጅምር! ስለዚ እዚ ስጉምቲ ምውሳድ ኣገዳሲ ኣይከውንን። ብፍላይ ግዜ ምስዝሓልፍ ከምኡ ውን ካብ ቤትፍርዲ ምንጻግ ትጽበ እንተኔርካ ዝበለጸ ይኸውን እዚ ዶማንዳ ክትገድፎ። ብዝኾነ ግን ካብ ምኩር ሰብ፥ ቤትጽሕፈት ወይ ድማ ጠበቓ ምኽሪ ሕተት።

ኣስተብህል፥ እቲ ናይ aufschiebende Wirkung ህጹጽ ዶማንዳ ድሕሪ እታ ብጫ ፖስታ ኣብ ውሽጢ 1 ሰሙን (7 መዓልቲ) ክኣቱ ኣለዎ! እቲ ናይ ህጹጽ ዶማንዳ ድማ ጽቡቕ ምኽንያታት ዝሓዘለ ክኸውን ኣለዎ። ብዝቐልጠፈ ጠበቓ ክትውከስ ኣለካ፥ ነቲ ጠበቓ ድማ ብሰፊሕ ስለምንታይ ክትጥረዝ ከምዘይትደሊ ግለጸሉ። ንኣብነት ኣብ ካልእ ናይ ዱብሊን ሃገር እንታይ ከምዘጋጥመካ ግለጸሉ።

ሕማም፥ ናይ ኣእምሮ ጸገም ወይ ድማ ስንባደ ምስዝህልወካ፥ ካብ ሓኪም ናይ ሕክምና መረጋገጺ ውሰድ መታን ጭብጢ ክኾነካ። ካልኦት ደለይቲ ዑቕባ እንተሃልዩም ነብሶም ክሕግዙ ዘይክእሉ፥ ናይ ምኽሪ ቤትጽሕፈት፥ ሓኪም ወይ ድማ ጠበቓ ንክረኽቡ ተሓባበሮም።

እቲ ናይ ህጹጽ ዶማንዳ ምስዝንጸግ፥ ናብ ናይ Verfassungsgericht ቤትፍርዲ ይግባይ ክትብል ትኽእል። ኣብዚ ውን ምስዝንጸግ ኣብ ናይ ኤውሮጳዊ ናይ ሰብኣዊ መሰል ቤትፍርዲ ይግባይ ተቕርብ። እዚ ደረጃ መብዛሕትኡ ግዜ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን፥ ስለዚ ምስ ጠበቓኻ ክትማኸር ኣለካ ምናልባት ኣብ ናትካ ጉዳይ ይከኣል ድዩ እዚ ደረጃ ወይ ስጉምቲ ምውሳድ ዋላ ኣይከኣልን ንምርግጋጽ።

## ኣብ ናይ መወዳእታ ሰዓት ከመይ ገርካ ነብስኻ ካብ ምጥራዝ ትከላኸል

ሕጋዊ ስጉምቲታት ንከይትወስድ ግዜ ምስዝሓልፈካን ኣብ ትሕቲ ናይ ቐጽበት ምጥራዝ ሓደጋ ምስትህሉን እዚ ዝስዕብ ሓበሬታታት ሓጋዚ ይኸውን ካብ ምጥራዝ ነብስኻ ንምድሓን፥

http://w2eu.info/germany.en/articles/germany-deportation.en.html
https://www.youtube.com/watch?v=g2Umb7MyDhw&feature=youtu.be
http://nodeportation.antira.info/abschiebungen-verhindern/

እዚ መምርሒታት ብ “Welcome to Europe” ዝተባህለ ኔትዎርክ እዩ ኣብ 2009 ካብ ብዙሓት ተጣበቕቲ ተኣኪቡን ተጻሒፉን። እዚ ኔትዎርክ ን ስደተኛታት ቐጥታዊ ድጋፍ የበርክት። ገለ ካባና ካብቲ ብሰንኪ ናይ ዶባት ናይ ኤውሮጳ ዝፈሪ ሽግራት ዝተተንከፍና ኢና። ገሌና ድማ ኣብ ናይ ጥርዝያ ሓደጋ ዝነበርና ኢና። ገሌና ድማ ኣብ ኤውሮጳ ዝተወለድና ኢና። ኣብቲ ንነብረሉ ቦታ ድማ ን ስደተኛታት ከም ተጣበቕቲ ብሙኻን ንድግፍ፥ ምኽንያቱ ንዓና ኩሉ ሰብ ማዕረ እዩ። ንናይ ምንቕስቓስ ናጽነት ንኩሉን ንሓንቲ ዶባት ዘይብላ ዓለምን ንቓለስ። እዚ መምርሒ ድማ ንኩሎም ስደተኛታት እዩ። ንኩሎም ኣብ ሓደጋ ናይ ዱብሊን ጥርዝያ ዝርከቡ። እዚ ኣብ ነሓሰ 2017 ስለዝተጻሕፈ፥ ሕጂ ተንብቦ እንተለኻ ምናልባት ምቕይያር ናይ ሕጊ ክህሉ ይኽእል እዩ።

እቲ ምሉእን ሓድሽን ሓበሬታ ኣብዚ ዌብ ሳይት ብዝተፈላለየ ቛንቓታት ከተንብቦ ትኽእል
http://w2eu.info/germany.en/articles/germany-dublin2.en.html
ተወሳኺ ሓበሬታት ድማ ኣብ Welcome to Europe ናይ ኢንተርነት መምርሒ ማለት
http://w2eu.info/
ብ 4 ዓበይቲ ቛንቓታት ማለት ዓረብኛ፥ እንግሊዝኛ፥ ፋርሲን ፍራንስኛን ክትረኽቦ ትኽእል።